# ጳማኽን ፍረ ረኺቡ!

ሃ.ማ.ደ.ኤ. ስያትልን ከባቢኣን ንኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ 2013 ብሃገራዊ ደረጃ ኣብዒላቶ።





ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ(ሃ.ማ.ደ.ኤ) ስያትልን ከባቢኣን፡ ንናይ መሰልጠን ማእከል ደቀንስትዮ **ሰንዓፈ** ብዓወት ምዝዛም፡ ብዕለት 2, መጋቢት 2013 ኣብቲ ናይ ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮኣ ብዓጀባን ብኽብርን ኣብዒላቶ።

እዚ ፍረ'ዚ፡ እቲ ቅድሚ 11 ዓመት ብኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ሰሜን ኣመሪካ ዝተዓለመን መብጽዓ ዝተኣትወን መሰልጠን ማእከል ደቀንስትዮ ሰንዓፈ እዩ ነሩ ። ኣብዚ ዕዉትን ታሪኽ ዝሓዘለ ነባሪ ሓወልትን ዝተሳተፈትን ካብተን ዓቢ ተራ ዝተጻወተትን ድማ ሃ.ማ.ደ.ኤ. ስያትልን ከባቢእን እያ። ነተን ነዚ ቅዱስ ዕላማ ናብ ምዝዛሙ ንምብቃዕ ዕቱብ ስራሕ ዝሰርሓ ኣደታትን ኣሓትን ኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ሰሜን ኣመሪካ ብፍላይ ድማ ኣባላት ሰያትልን ከባቢኣን ዝለዓለ ሞጎስ ይብጻሕክን። ከምኡ'ውን ዘይኣባላት ኣደታትናን ኣሓትናን፡ ኣሕዋትናን ኣቦታትናን፡ መንእሰያትናን፡ በቲ ኣብ ስራሕ ተሓባባርነትኩምን ምትብባዕኩምን ካብ ልቢ ዝለዓለ ምስጋና ተቀበሉ። መሰልጠን ደቀንስትዮ ሰንዓፈ ዝሓለፈ ግንቦት 2012 ኣብ ብዙሓት ካብ ኣመሪካን ካናዳን ዝተረኽባ ኣባላትን ዘይኣባላትን ብዕሊ ተመሪቃ። ንስያትል ወኪለን ኣብኡ ዝተረኽባ ኣባላት'ውን ነቲ ብኣሓተንን ኣደታተንን ዝተገብረለን ሓልዮትን ክብርን ዝመልአ ኣቀባብላን ምስጋናን ንምዝርዛር ቃላት ከምዝሓጽረን ይገልጻ። ኣደታት/ ኣሓት ሰንዓፈ እንቓዕ ደስ በለክን፡ ደስ ኢሉና! ***ሃ.ማ.ደ.ኤ. ሰሜን ኣመሪካ፡*** ብፍላይ ከኣ ***ሃ.ማ.ደ.ኤ. ስያትልን ከባቢኣን*** ጻማኽን ፍረ ረኺቡ፡ ዮሃና።

***ሃ.ማ.ደ.ኤ. ሰያትልን ከባቢኣን***